## መስፍን ሓጐስን ተዘክሮታት
## ውድባዊ ጉባኤ ናይ 1976
### ተዎድሮስ ኣፈውርቂ (13.03.04)

ክቡራት ኣንበብቲ ሎሚ ንዝሓለፈ 27 ዓመታት ንክመልሰኩም መጀመርያ ይቕረታ ይሓትት፣ ናይ ይቕረታይ ምኽንያት ከኣ ቅድሚ ሎሚ ዘይዛረበሉ ዝነበርኩ ኮይኑ ዘይኮነስ፣ እንታይ ድኣ ኤርትራውያን ብሓፈሻ፣ ምሁራት ከኣ ብሓለፉ፣ ንዓመታት ኣዕንታትኩም ደፊንኹም ኣእዛንኩም ኣጽሚምኩም ኣእምሮታትኩም ኣደቂሽኹምን ኣዔሽኩምን ትነብሩ ስለ ዝነበርኹም ሕጂ እውን እትቕጽሉ ስለ ዘለካትኹም ብዙሓት ተበለጽትን ንኣይ ይጥዓመንን ስጉምቲ ሒዛትኩም ንህዝብና ኣብ ናይ ምህላውን ምጥፋእን ደረጃ ዘብጻሕኹም ብምዃንኩም።

ሓደ ህዝቢ ከም ህዝቢ መጠን እንክርኤ ተኸታላይን ተጐታታይን ድኣ እምበር ወሳኒ ተራ ዝጻወት እቲ ንኡኡ ዝኣልን ዝቅልስን ብምዃኑ ናይ ቕላሳይን መራሕን ተራታትኹም ሓዲግኩም ናይ ተኮኮብቲ ተራ ብምሓዝኩም ኢዩ። ካብዚ ቀጺሎም ዝስዕቡ ከኣ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባርን ተጋደልቲ ነብር ሎሚ ኣብ ስደት ዘሎካትኩምን ብሓፈሻኡ ኣብ ክልተ ዝተከፍለ ደረጃ፣

1. ተጋደልቲ
2. መራሕሪ ካብ ዝተሓተ ክስብ ዝለዓለ፣
3. ስሩዓት ናይቲ ውድብ ዝነበርኹምን ዘሎኹምን እውን ተራ ተጐተትን
4. እቶም ቀለስትን ከኣ ከምኡ ብዝያዳ ናይ ጥፍኣትን ቅዝፈትን ህዝብና ብዝያዳ ተሓተቲ ምዃንኩም ኢዩ።

ኣብዚ ከተኩሮሉ ደልየ ዘሎኩ ሓሳባት ግን ናይ 1976 ውድባዊ ጉባኤ ዝብል ስም ዝተዋህቦ ናይ ተኾሎልን ክፋእን ፋብሪካ ናይ ህዝባዊ ግንባር ናይ ሎሚ ናይ ህዝብና ጸገምን ሽግርን ቅዝፈትን ቅንጸላን መሰረትን እምነ ኩርናዕን ዘቀመጠ፣ ተዋስእቱ ከኣ ጌና ብዝተፈላለ መንገድታት ይቕጽሉ ስለ ዘለዉ እንታይነቶምን ናይ ተግባራቶም ውጽኢትን ኣብዚ ስለ ዘብጽሓና ክበርህን ክግለጽን ዘለዎ ጉዳይ ሃገር ብምዃኑ።

እወ ንሕና ኤርትራውያን ቃልሲ ዝጀመርናዮ ዋናኺ ብዝተጸንዐን ዝጸጸየ መንገድን ኣይመራሕ እምበርናይ ምቅላስ ናይ ስቃይን መከራን ናይ ጽምእን ጥሜትን ናይ ጸሓይን ቁርን ናይ ኣስሓይታን ዛዕዛዕታን ናይ ረሃጽን ወላእ-ላእን ናይ ስንክልናን መስዋእትን ወልፊ ዝነበሮ ውልቀሰብ ወይ ጉጅለ ይርከብ ኢዩ፣ ዝብል እምነት የብለይን፣ ግን ከኣ ኣብቲ ቃልሲ ውልቃዊ ኮነ ጉጅላዊ ረብሓን ጥቅምን ንክጥምዝዙ ዝለዓዓሉ ኣይነበሩን ግን ኣየስምዕን እዚ ኣብ መስርሕ እቲ ገድሊ ዘርኣዮ ኣንፈት ኢዩ ነይሩ።

ዋናን <u>መሰረታዊ እምነት ነፍሲ ወከፍና ሰሪጹ ዝነበረ ውሽጣዊ ዕላማን እምነትን መሰልን ክብረትን ህዝብናን ልዕላውነት ሃገርናን ተመርኲሱ ለቆሱ ከሰላስል ንሜዳ ዝኣተወ ኣካል ህዝብና ውሑድ ኢዩ ኣይብሃልን።</u> ነዚ ከኣ ኢዩ ዝኾነ ሰብ ካብ ዓድን ኢትዮጵያን ኤውሮጳን ኣመርካን ኩሉ ንብረቱ ስድራኡ ትምህርቱ ስራሑ መርዓኡ መጻኢ ዕድሉ ጠንጢኑ ንሞት ቅሩብን ብቁዕን ኾይኑ ንሜዳ ዝወሓዘ፤ እንተ ኾነ ግን እቲ ጸቢብ ዕድል ናይ ሓበሬታ ምፍላጥን መትከላት ውድባት ዝምራሓሉን መነመን ይመርሑን እንታይነቶም ዘይምፍላጥ ዘስዓቦ፣ ጌጋታት ኣብ ህዝብናን ሃገርናን ኣውሪድዎ ዘሎ ጸገምን ጥፍኣት ሂወትን ንብረትን ክብርን መሰልን ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኾነን። ብዙሓት መራሕቲ ውድባት በቲ ዝንቡልን ግልቡጥን ኣተሓሳስባኦም ንህዝብን ሃገርን ንዘለዓለም ከዔሽዉሞ ከይሰርሑን ከይረሃጹን ንዘለዓለም ዝኾኖም ሃብትን ንብርትን ንምምንዛዕ ዝኣተውዎ ስራሕ ናይ ፋብሪካ ገቢሮም ኢያቶም ዝርድእዎ።

ኩሉ ክፈልጦ ዝግብኦ ግን ዝኮነ ይኹን ሰብ ቅድሚ ኩሉ ሃገሩን ህዝቡን ድኣ እምበር ውድብ ዝብል ዝፈልጦን ዝተረድኦን ዝነበረ ኣይነበረን፣ እንተኾነ ግን ኣብ ሜዳ ናይ ስልጣን ምብልላዕ ዘስዓቦ ናይ ደናቁር ዝኣንፈተ ፖቃቲካ ዝስሙ ከፋፋሊ ህዝቢ ብዘይመልኽዑን መዓቀኒኡን ክጥቀምሉ ምስ ተራእዩ፣ ውድብ ድሓር ዘርከቦ ናይ ጉዕዞ ቃልሲ መስርሕ ንምስልሳል ዝግበር ውደባ ኢዩ ዝነበረ፣ ሎሚ ግን ውድብ ቦታ ሃገርን ህዝብን ሒዙ፤ <u>ውድበይ ውድብካ ክብሃሃሉ ክትሰምዕ ንወዮ ህዝቢ ጥሪቶም ገቢሮሞስ ዛባን ኣፍራዛን ምሳርን ፋስን ተረኺቡ ኩሉ ጊዜ ክጐዛዝይዎን ክመቓቕልዎን ንርኢ ኣሎና ! ከመይ የሕዝን ደም ዘይኮነስ ክንየው ደም ዘሎ የንብዕ!</u>

ጀጋኑ ፈተውቲ ህዝቦም ዝኾኑ ምሁራት ናይ 1973 ናይቲ እዋንቲ ተሃላለኽቲ ናይ ስልጣን ዝነበሩ፣ ኢሳያስ ምስ ጉጅለኡ ብሓደ ወገን፤ በቲ ካልእ ከኣ ሰለሙን ወልደማርያምን መስፍን ሓጐስን ምስ ጉጅልኦም ዘስዓቦ ህልኽ ናይ ስልጣን መን ኣሸነፈ ውዲትን ማእለማን ክስን እቲ ግርጭት ተላዕለ፣ ወዮም ምሁራት ግን ነዚ ካልኣዊ ግርጭት ብምይይጥ ክፍታሕ ይከኣል ኢዩ፣ ተባሂሉ ስለ ዝተኣምነሉ ንዕርቂ ነባራት ተጋደልቲ ንምፍታሕ ምስ ቀረቡ፣ ወዮም ስሱዓት ተንኰለኛታት ሰለሞንን ኢሳያስን መስፍንን፣ ሓደስቲ ተማሃሮ ከይጎብጣና ንተዓረቅ ይቕረ ንበሃሃል ኢሎም ነቲ ንኣታቶም (ሰለሞንን ኢሳያስን መስፍንን፣) ንምዕራቕ በቶም መስተውዓልትን ሓለይቲ ሃገሮምን ዝተጀመረ ናይ ዕርቂ ጸዋዒት፤ እዞም ሰለስተ ስሱዓት ባዕላቶም ዝጸውዕዎ ተሰልቢጥካ መንካዕ ዝብል ናይ ጸለመ ቃል ለጢፍካ ንምሁራት ንምጥፋእ ዝዓለመ ዝተጻወደ መጻወድያ ብግርህነት ተኣትወ። መሪሕነት

ህ.ግ. ብጉጅለ ኢሳያስ ዝምራሕ ከኣ ቅድሚ ጀብሃ ንተማሃሮ(ብጸጋይ ቅሺ ንሙሴ ብሰደፍ ብረት ዝወቕዒር ጸጋይ ዋና መሳርሒ ኢሳያስ ዝነበረ ተጋዳላይ ኢዩ፣ ብናይ ሎሚ መግለጺ ንክትርድእዎ ቦታ ውጩ ዝሓዘ ዝነበረ ኢዩ እቲ ግዳይ ብጸጋይ ዝተደለ ዘይኾነስ ብዋና ለኣኺኣሉ ኢሳያስ ዝዝወር ምንባሩ ሎሚ ሰማዕቲ ንምምዛኑ ጸገም ይህልወኩም ኣይብልን) ነጥፍእዶ ግዳ ኣይበልናኩምን ክብሉ ተሰምዑ፤ እዚ ዝሕብሮ ነቲ ጉዳይ ዘልዓልዎ ዝተኣደደን ዝተዓለመን ዝተወጠነን ምንባሩ ይምስክር።

ነቲ ሓጺር መጀመሪ ግርጭት 1973 ኣብዚ ሰጊረ ሕጂ ኣብ "ውድባዊ ጉባኤ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዓውደ ተኺሉ ክአቱ፣ እቲ ውድባዊ ጉባኤ እንታይ ይመስል ነበረ፤ ናይቲ ጊዜቲ ዋናታት ተዋሳእቲኸ ብዓል መነመን ኢያቶም፣ ናይቲ ጊዜ ዋናታት ተዋሳእቲ ኢሳያስ፣ መስፍን ሓጐስ፣ ሰሎሙን ወልደማርያም፣ ተወልደ ኢዮብን ነበሩ ካልኣት ኣሰለፍትን ተለኣኽትን ከኣ ሓያሎ ነበርዎም።

## ሕጂ ከም ኣብነት ከቕርቦ ዝደሊ ክልተ ኣብነታት ኣሎ፤

1. ውክልና ብጻይ ኣለም ኣብርሃን፣
2. ኣባላት ሕክምና ዝነበሩ123 ተጋደልትን ክኸውን ኢዩ።
   ቅድሚኡ ግን ንውድባዊ ጉባኤ ዝውከል፤ እትውከል ከመይ ዝበለ/ዝበለት ክኸውን/ክትከውን ነይሩዎ/ዋ ዝብል ሕቶ ምብራህ ኣድላዪ ይመስለኒ፣ ኣብዚ ንምብጻሕ ናይቲ ምንቅስቓስ ደገፍትን ሰዓብትን ተዋሳእትን ንምኽልካል ዝዓለመ፣ ዝወጸ ሕጊ ገባብል ከምዚ ዝስዕብ ነበረ፣-ኣብዚ ዝካፈል፣-

1. ዝንባሌ መንካዕ ዘይብሉ፣
2. ዝንባሌ የሚን ዘይብሉ የሚን ወይ ኣድሓርሓርቲ ዝብል ቅጽል ነቲ ተጻጸራሪ ኢሳያስ ዝኾነ ሰሎሙን ወልደማርያን ንምእላይ ኣብቲ ናይ 1973 ምንቅስቓስ ምእላይ ስለ ዘይተካእለ ዳግማይ ከሲስካ ምቕራቡ ካልእ ከለዓዕል ስለ ዝከኣል ብስም የሚን ንእኡን ናቱ ዝንባሌን ዝድግፍዎን ኣምሲልካ እውን ናይ መጻኢ ጸላእቲ ወይ ተዋዳደርቲ ኡኾኑ ደኾን ዝብሃሉ ንምቕንጻል ዝተላዕ ጠጠ ተንኰለኛ ማእለም ኢዩ።
3. ዝንባሌ ሕቡኣን ዘይብሉ
4. ብውሕዱ ኣብዚ ውድብ እንተወሓደ 2 ዓመት ዝገበረ ክኸውን ይግባእ. ዝብላ ሓጹር ነበራ
5. ንነዊሕ ጊዜ ኣብ ገድሊ ዝገበሩ ብተንኰል ንከይምረጹ ኣብ ናይ ካድራት ቤት ትምህርቲ ሰዲዶም ከም ዘይምረጹን ዘይመርጹን ዝገበሩ ብዓል መስፍን ሓጐስ ናይ ሽዑኡ ናይ ውግእ ጐቶትን ገበርት ሓደግትን ዝነበሩ ዝተገብረዶ ኣይኾነን።

ከም ርዱእ ዝውሰድ ዝኾነ ኣካሉ ዘወፌ ተጋዳላይ መስሉ ኢዩ ኣብ ጊዜ ሰላምን ጊዜ ኲናትን ውግእን ወካሊኡን መራሒኡን ዝኸውን ክውኽል፣ እንተድኣ መሰል የብልካን ዝብል ኹይኑ ግን እቲ ነጻነት እውን ኣየድልዮን፣ ማለት ኢዩ ዘስምዕ፣ ንመሰሉ ዘይቃለስ ግቡኡ እውን ብቕኑዕ ኣገባብ ከም ዘይገብር ንምርዳኡ ኣሸጋሪ ከም ዘይኮነ፣ ክዝከር ዘለዎ ጉዳይ እውን ኢዩ።

ኣብቲ ነጥበይ ክምለስ ብጻይ ኣለም ኣብርሃ ካብ ቦጠሎኒኡ ተወኪሉ ንምክፋል ውድባዊ ጉባኤ ኣብቲ ቦታ ከም ብጸቱን ምስ ብጸቱን በጽሑ፣ ተዓዘብ ክቡር ኣንባባይ መስፍን ሓጐስ ንብጻይ ኣለም ምስ ረኣየ ዝጠመየ ነብሪ፣ ጠል ዝረኣየ ክመስል ብናህርን ምጉብዕባዕን ዝተሓዋወሰ ንስካከ እንታይ ክትገብር መጺእካ በሎ? ሓጺር መልሲ፣- ብጻይ ኣለም ብጾተይ ወኪለ ጉባኤ ክካፈል በሎ፣ መስፍን ንመራሕ ብዕሎኒ ክትምረጹ እንከለኹም ኩልካትኹምዶ ነቢርኩም በሎ? መራሕ ቦጠሎኒ ብዘይካ 6 ኣብ ዋርድያ ዝነበሩስ እወ ነቢርና ክብልእታ ቦጠሎኒ ብመላኣ ከም ዝነበረት ኣብርሃሉን መለሰሉን እት መስፍን ክስወሰምየ ዝደለየ ግን ካልእ ብምንባሩ፣ እሞ እቶም 6 ደጋደልትስ መሰልዶ የብሎምን ኢያቶም ክብል እንደገና መስፍን ሓተተ? ኣለዎም እባ እንታይ ድኣ ስለዚ ከም ብሓዲሽ ምርጫ ትገብሩ? ኢሉ ከም ብሓዲሽ ምርጫ ንክገብሩ ናብ ቦጠሎኒኦም መለሶም፣ ብሕቡእ ወረቀት ነቲ መራሒ እንተድኣ ካልኣይ ጊዜ እዚ ሰብዚ (ብጻይ ኣለም ኣብርሃ) መጺኡ ሂወትካ ኣይትደልያን ኢካ ማለት ክብል ኣፈራርሖ፣ በዚ ምኽንያትዚ ብጻይ ኣለም ካብቲ ጉባኤ ገባብል ካብ ምኽፋል ተገለለ። ድሕሪኡ ከኣ ኣብ ማእሰርቲ ገባብል ተሰውኤ ከም ብጾቱ።

- ንመስፍን ምህላው ብጻይ ኣለም ኣብርሃ ክሳብ ክንድዚ እንታይ ኣፍርሖ?
- ሕቶ ናይቲ ምንቅስቓስቲ ንምቕንጻሉ ዝተዋሰኣሉ ከይልዓል ድዩ?

- ወይስ ናይ ጐይታኡ ኢሳያስ ተልእኾን ተግባራት ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ንሱ እውን ስርሑ ስለ ዘየማልኤ ከይእሰርን ከስጐጉን ኢዩ?
- ነዚ ካብቲ ሓቢእዎ ዘሎ ምስጢራቱ ኢዩሞ እስከ ባዕሉ ንክምልሾ ንሕደገሉ ?
- ዝምለሽ ከም ዘይኮነ ግን ንኩሉ ክበርሃሉ ዝግባእ ነጥቢ ይኹን፡ ምክንያት ንህዝቢ ብዕሊ ይቕረታ ምስ ዘይሓትት ጌና ክቃላዕ እውን ኢዩ።

1. ናይ ክፍሊ መርመራን ውሳኔን ሳልሕ ጠጠውን፡ ሰለሙን፡ መስፍን ዓሊ ሰይድን፡
2. ኣብ ክፍሊ ስንቂ ዝግብር ዝነበረ ሃተፍተፋት፡ ግን ደቂ ካናዳ ኣመሪካ ዘለኹም ካብቶም ሓንቲ ቦንባን ሓንቲ ብራሾ ማይን ሒዝኹም ንብረት ገድሊ ሓዲግኹም ዝከድኩም 6 ድምጸኹም ሃቡ።
3. ናይ ኣፈወርቂ ወዲ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ውግእ ወኪ ዛግር 13/ጥቅምቲ 1974 ዝተስወኤ ናይ ጥይትን ምጉብዕባዕን ስራሓትካ።
4. ጥራውዝቲ 64 ገጻት ናይ ተወልደ ኢዮብ ዝጸሓፎ ኣብ ኢድካ ዝነበረ ወዘተ ወዘተ........

ኣብቲ ጊዜቲ ክፍሊ ጸጥታ ኣብ ትሕቲ ወልደሚካኤል ኃይለ ምስ መሳርሕቱ ወዲ ዘርኤ ኣሻዓልን ኃይለ ጀብሃን ናይዝጊ ክፍሉን ከም መርመርቲ ብተኪኤ ቀሺ ዝምራሕ ናይ ሓለውቲ ወተሀደራትን ነቲ ናይ ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ (ንስካትትኩም ብናይ በለጽን ፍርሕን መደበር ዝኾነ ናይዝጊ ክፍሉ ብተንኮል ሓዉ ኪዳነ ክፍሉ ኢየ እናበለ ዝሕሱ ዝነብረ መታን ሰብ ቀልጢፉ ክቕበሎን ክፈትዎን ዝመሃዞ ሓሶት ክፍሉ በጋጣሚ ዝተራከቡ ኣስማት ኢያቶም) ናታትኹምን ካልኣዊ ግርጭት መፍትሒ ንክገብረሉ ኣብ ዝተገብረ ኮቢቴ ኣጽኒዓ፤ ናይ ብጻይ ጐይትኦም በርሀን ጉጅለኡን ዝተበጽሐ ውሳኔ ናይታ ሽዑ ዝነበረት መርማሪት ኮሚቴ እዞም ተኣሲሮም ዘለዉ ወተሃደራዊ ስነ ሥርዓት ድኣ ኣጉዲሎም እምበር፤ ገበን የብሎምን ምስ ተባህለ፤ እታ ናይ መርማሪት ናይ ክፍሊ ጸጥታ(ሓለዋ ሰውራ ዝብል ስም ድሓር ዝበቈለን ዝሰዓበ ኢዩ) እውን ከምቲ ናይ ብጻይ ጐይታኦም ስለ ዝወሰነት፡ነዚ ብምቁዋም ንወልደሚካኤል ኃይለ ካብ ክፍሊ መርመራ ኣውጺኹም ናብ ሓይልታት ዝተሰደ፤ ከም መንደልሓቂ ኣመሉ ኢሳያስ ቴምቤናይ ካብቲ ቦታ ተኣልዩ ስለ ዝነበረ ሰለሙን ወልደማርያም ከም ናይታ ክፍሊ ጸጥታ ሓላፊ መስፍን ሓጐስን ዓሊ ሰዒድን ከም መሳወርቲ፤ነቲ ሓቃዊ ውሳኔ ናይ መርማሪት ኮሚቴን፡ ናይ ጸጥታ መርማሪትን ዝወሰንኦ ንምቕያርን (ንኣና ነቶም እሱራት) ንምቕታልን እዞም ሰለስተ ሰባት(ሰለሙን ወልደማርያም መስፍን ሓጐስን ዓሊ ሰዒድን) ከም ብሓዲሽ ሓዳስ መርማሪት ኮሚቴ ክገብሩ ኣብ እኼባ መሪሕነት ምስ ኣልዓልዎ ሽዑ ሳልሕ ጠጠው ክንድይ ጊዜ ኣግማል ኴንና ውጢጥኩምና ክትሽፉ ትደልዩ ኣሎኩም። መሪሕነት ንዘቆመተን ኮሚቴታት ዝበጽሕኦ ውሳኔታት ካብ ምትግባር ሓሊፉ ኣብ ንስካ ዘይትደልዮ ውሳኔ ምስ ዘይበጽሕ እናናሳዕ ኮሚቴታት ምቛም ኣይከልን ኢዩ ምስ በለ ነቲ ፍሉጥ ጅግና ሳልሕ፡ ዓሊ ሰይድ ሃረሞ ማለት ኣብ ባእሲ ድሕሪዚ ሳልሕ ብተሞክሮ ዘይበሰለ ቆልዓ(መንእሰይ ብምንባር መሪሕነት ክሽውን ዝሽኣለ በቲ ንፓኪስታን ኣብ ምጥላፍ ነፋችት ኢትዮጵያ ስለ ዝተካፈለ ጥራይ ነበረ) ድሕሪ ምውቕዑ ኣብ ውግእ ዛግር ብዕለት 14.10.1974 ተሰውኤ።

ኣቶ መስፍን ሓጐስ ህዝቢ ዝገበርካዮ ይቕረ ክብለልካ ድሉው ኮይኑ ክቀርብ እንከሎ ንስካ ዝተገብረ ምዝራብ ምእባይካ ንዕቀትን ትዕቢትን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዘሎካ ስለ ዝሕብር ካብ ሎሚ ንድሓር ኩሉ ዝብሃል ክትብሃሎ ኢኻ። ግን ከኣ እዚ ኩሉ ገቢርካ ሕልናካ እናወቀሰካን እናጸረፈካን እትነብር ከም ዘሎካ ኣይጠራጠርን ኢየ። ኣብ መጨረሻ ክብሎ ዝደሊ መስፍን ኮነ ኢሳያስ ሓደ ዓይነት ስለ ዝኾኑ ካብኡ እንጽበዮ ለውጢ የለን፤ ስለዚ ምስ ዝብኢ ለይቲ ዝገይሽ ንክብላዕ ም኿ኑ ክፍለጥ ይግባእ።

ተዎድሮስ ኣፈውርቂ

ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና
ሰላምን ቅሳነትን ንህዝብና

ምዕባሌን ራህዋን ንፍትውቲ ሃገርና

.ይቅጽል